05.06.2023

# ምንቅስቓስ ንፍትሒ ኤርትራ ኣብ ዲያስፖር

## ዜና

ኣብ ዕለት 04/06/2023 ኣብ ሃገር ሲዊዘርላንድ ከተማ ጅነቭ ካብ ሰዓት 13:30 ድሕሪ ቀትሪ ስጋብ ሰዓት 23:00 ምሸት ሰሚናር ብ-ሓድነት ኤርትራውያን ኣብ ዲያስፖራ ሃገረ ሲዊዘርላንድ ዝተዳለወ ተኻይዱ፡፡

እዚ ሰሚናር **ፍትሓዊ ቃልስና ክዕወት፣ ንህዝቢ ኤርትራ ቀንዲ ጸላኢ ዝኾነ ጉጅለ ህግደፍ ምሒኻ ክድርበ ሓቢርና ንቃለስ፡** ዝብል መንፈስ ዝሓዘ እዩ ተኻይዱ።

እዚ ንኻልኣይ ግዜ ብ-ኣካል ተራኺብካ እትዛተየሉ ዓውደ ኢሂን-ሚሂን እትባሃለሉ፡ ድሕሪ ቀዳማይ ሰሚናር ኣብ ከተማ ኑሻተል ተራኺብካ ዝተኻየደ ዘተን ምርድዳእን ዝተገብረሉ፣ ሰነደ-ስርሓት ምግምጋምን ምምሕያሽን ዝኣመተ ዓውደ-ዘተ ክኸውን ከሎ ድሕሪ ምድምዳም ዘተ፡ ብሓባር ኮንካ እትዛናጋዓሉን ብቐረባ ተጋባእቲ ሕድሕድ ዝላለየሉ፣ ምሳሕን ድራርን ሃገራዊ መግቢ ዝስተማቐረሉን ኣጋባብ እዩ ተኸቲሉ፡፡

ኣብዚ ህዝባዊ ሰሚናር ዝተፋላለያ ውድባትን ምንቅስቃሳትን ህዝባውያን ማሕበራት ዝዋሳኣሉ መንፈስ ሓቢርካ ምቅላስ ዝተራእየሉን ከም **ምንቅስቃስ ሓድነት ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራ ሃገር ሲዊዘርላን ብሕጊ ዝቐመ ምዃኑ ንህዝቢ ዕላዊ ዝገብረሉ ንደምበ ፍትሒ ክአ ዘበሰረሉን** መስርሕ ዝተኸተለ'ዩ ነይሩ፡፡

ሕጽር ዝበለ ዘልዓሎም ቴማ

- ሕጽር ዝበለ ገምጋም ዝተኻየዱ ስርሓት ብ-ኣቶ በረኸት ካሕሳይ ቀሪቡ
- ሀ) ሕጋውነት ምንቅስቓስ ሓድነት ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራ ሃገር ሲዊዘርላንድ፡ ለ) ምስ ፈተውትን ተዳናገጽትን ዜጋታት ሲዊዛውያን እትቀዉም **ተሓጋጋዚት ሽማግለ፡** ሐ) ምስ ሰልፍታትን ሲቪካውያን ውድባት ሲዊዝን ኣባላት ፓርላም ተጀሚሩ ዘሎ ርክባትን ቀጻልነቱን፣ ናይዚ ውጺኢት ክኣ ሓንቲ **መርማሪት ሽማግለ** ( Commmision of enquiry ) እትቕሞሉ ፣ ብ-ናይ ሕግን ጋዘጣኝነት ሞየኛ ኣቶ ሃብትኣብ የማነ ቀሪቡ
- ምውህሃድ/ምጥማር ( INTEGRATION ) ብ-ወይዘሮ ምሕረት ሾን-ፈልተን ቀሪቡ
- ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገር ሲዊዘርላንድ ካበይ ናበይ ብ-ኣቶ ጎይትኦም ክፍለ ቀሪቡ

እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ኣርእስታት ብምዱብ ግዜን ሱሩዕ ኣጋባብ ዝሓዘን ውሁድ ዘተን ብህዝቢ ዝቐረቡ ሕቶ ኣዕጋቢ መልሲ ክረኽቡ ከለዉ ሃነጽቲ ምትሕስሳባትን ለበዋታትን'ውን ቐሪቦም እዮም፡፡

ናይዚ ሰሚናር ተሳተፍቲ ብብዝሒ መንእሰያት እኳ ይንበሩ እምበር ዓበይቲ ከም ገዲም ተቓላሳይ ወልደ እየሱስ ዓማር ምስ ክብርቲ በዓልቲ ቤቱ ዝኣመሰሉ ብምኽፋሎም ጽላልን መዓርግን ኣልቢሶሞ ነይሮም ክብሃል ይካኣል።

ካብቲ ዝተላዕለ ቴማ ንምጥቃስ ዝኣክል፣ ኣቶ በረኸት ካሕሳይ ምንቅስቓስ ሓድነት ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራ ሃገር ሲዘርላንድ ክስመ በቒዑ ዘሎ፣ ኣጃማምርኡ ድሕሪ'ቲ 2018 ውዑል ናይ ኣቶ ኢሳያስ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጲያ ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ ዝተፋራረሙሉን ብድሕሪኡ ዝሰዓበ ድራማ ወይ ትያትር ኢሳያስን፡ ካብቲ ዝበሎን ምርኢት ተዋስኦ ንምጥቃስ፡ ድሕሪ ሕጂ ህዝቢ ኢትዮጲያን ህዝቢ ኤርትራን ክልተ ህዝቢ ኢሉ

ዝዛረብ ታሪኽ ዘይፈልጥ እዩ፣ ዶ/ር ኣብይ ድሕሪ ሕጂ እሰኻ ኢኻ ትመርሓና፣ ን-ኢትዮጲያ ክሰዋኣላ እየ ...ወዘተ፡ ካብኡ ሓሊፉ ህዝብና ዘይሓሶቦን ዘይደለዮን ኣብ ውግእ ሓድሕድ ኢትዮጲያ ብምእታው ምስ ኣብይ ብምውጋን ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈጸመ ገበንን፡ መእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ደቅና ወተሃደራት ኤርትራ ምህላኞን፡ በሉ ሕጅስ **ይኣክል ሓቢርና ብምቅላስ ሃገርናን ህዝብናን ነድሕን፡** ዝብል ሉዑል ሃገራዊ ስሚዒት ዝተበገሰ፡ ምስ-ኩለን ኣብ ደምበ ፍትሒ ዝዋሳኣ ውድባት፣ ምንቅስቓሳት፣ ህዝባውያን ማሕበራት ብምድውዋል ተራኺብና ብሳይበር፣ ዙም ዋትስኣፕ እና-ተጠቒምና ምኽንያቱ ምውሻብ ሕማም ኮቪድ ስለ ዝነበረ ሓቢርና ክንቃለስ ወሲና፡፡

ነዚ ቀንዲ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ጉጅለ ህግደፍ ቅድም ኣብ ሲዊዘርላንድ ብሓበራዊ ቅልጽምን ዓቕምን ደምበ ፍትሒ ብምውህሃድ፡ ኣብ ዲፕሎማሲ መደያቱ ምስዓሩ፡ ንኹሉ ዝወስዶ ተቦግሶታት ብሕግን ህዝባዊ ተቓውሞን ምፍሻሉ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ክኣ ብህዝባዊ  ቓልሲ ካብ ሱሩ ተማሕዩ ኣብ ቦቱኡ ፍትሕን ዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕጊ ዝትካኣሉ ንምብጻሕ፣ ኣበርቲዕና ክንቃለስ ኣሎና ብምባል ነቒልና። ኩሉ ተቦግሶታት ስርዓት ጉጅለ ህግደፍ ሰዓብቱን **ተበርኒያምን ፈሺሎምን ።** ነዚ ዑዉት ስራሕ ኩሉኹም ዝተዋሳእክምሉ ስለ ዝኾንኩም ብዙሕ ትንታነ ወይ ዝርዝር ዘድልዮ ኣይኮነን። ብዝያዳ ክበርህን ክሰምረሉን ዝደሊ ኣብዚ ሓርበኛዊ ቃልሲ፡ ኣበርቲዔን ብዘይ ምቁራጽ ዝተዋስኣን ዝዓበየ ኣበርክቶ ዝሃባ፣ ዋዕሮታት የሕዋትና ወይዘሮ ምሕረት ሾን-ፈልተን፣ወይዘሮ ዘውዲ ተስፋማርያም ካልኦትን ከምቲ ኣቦታትና ዝብልዎ " ንዝገበረልካ ግበረሉ ወይ ንገረሉ" ክይተመስገና ዘይሕለፍ መድረኽ እዩ ክብል መደሩኡ ኣስሚዑ፡፡

ወይዘሮ ዘውዲ ተስፋማርያም ነቲ በረኸት ዘቕረቦ መደረ ነቶም ቋንቋ ትግርኛ ዘይመለኹን ወጻእተኛታት ኣጋይሽን ብ-ቋንቋ ፈረንሳ ተርጒማ ። ወሲኻ እዚ መፈለምታ ምብርዓን/ምፍሻል ተበጉሶታት ገባቲ ስርዓት ጉጅለ ህግደፍን ሰዓብቱን ውጺኢት ናይ ብዙሓት **ዋዕሮታትን** ብፍላይ ክኣ ቍጣዓን ሕነና መንእሰያት ብርጌድ ንሓመዱን ብተሳታፍነት ኣባላት ናይ ኩለን ኣብ ደምበ ፍትሒ ዝዋሳኣ ውድባት ምንቅስቓሳት ሲቪካዊን ህዝባውያን ማሕበራት ካብ ሲዊዘርላንድን ካብ ኩሉ ክፍልታት ሃገራት ኤውሮጳ ዝተኻፈልዎ ብምንባሩ ዝስማዓካ ሃገራዊ ኒሕን ሞራላዊ ዕግበትን ወሰን የብሉን።

ሓቢርካ ምቅላስ ከም ዘዕውት ክኣ ምስክር ጥራይ ዘይኮነስ፣ ብዘይካ ሕብረት ክዕወት ዝኽእል ቃልሲ ከምዘየለ ዝሕብር'ውን እዩ ክትብል ንጉባኤኛታት ተስፋ ዝህብን ቀጻሊ ሓባራዊ ስራሕ ክካየድ ዘማሕጽን መደረ ኣስሚዓ።

በረኸት ብምቕጻል፡ብወገን ሕጋውያን ሰብ ሞያ፣ ብማእከልነት ናይ ሕጊ ሞዮኛ ሃብትኣብ የማነ ብምትሕብባር ካልኦት ደቂ ሃገር ስዊዝ ዝተዋስእሉ፣ ዝተኻየደ ዑዉት ስርሓት ክገልጽ ከሎ፡  ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተባህለ  ጉዕዞ ታሪኽ ሓበራዊ ቃልሲ ኣብዚ ሓጺር እዋን ጹዑቕን ሰፊሕን ስለ ዝኾነ ክትዝርዝሮ ግዜ ኣይክኣኽለናን እዩ። ስለዚ ጥቕስ ጥቕስ ከብሎ ኣፍቒድለይ።

ድሕሪ ምፍታሕ ካብ ውሸባ ኮቪድ፣ ንመጀመርያ እዋን እታ ብ-ሳይበረ እትራኸብ ዝነበረት ሓይሊ ዕማም ንሳ እትራኸበሉ ንህዝቢ ዝሳተፍሉ መፈለምታ እዋን ሰሚናር፡ ኣብ ካንቶንን ርእሲ ከተማ ዝኾነት ኑሻተል ተራኺብና ገምጋም ክግበር ዘለዎ መደበ ስርሓት፣እማመታት ከነጽድቕ ተራዳዲእና ። ከምኡ ካኣ ተገይሩ።

ኣብቲ መፈለምታ ሰሚናር ከተማ ኑሻተል ዝኣመትናዮምን ዝተራዳዳእድናሎም ብሓጺሩ ከምዚ ዝስዕብ ይኸዉን፡፡

ሀ) ምንቅስቓስ ሓድነት ኤርትራ ኣብ ሃገር ሱዊስ ክስመን ብሕጊ ዝቖሞሉን ዝፍለጠሉን ምግባር

ለ) ሓደ ዝተወደበ ብፈተውቲ ደቂ ሃገር ስዊስዘርላንድ ናይ **ምትሕጋግዝ ሽማግለ** ክትቀዉም ምግባር

ሐ) እዛ ስጋብ እዚ እዋን'ዚ **ሓይሊ ዕማም** ኮይና መደበ ስርሓት ከተካይድ ዝጸንሐት፣ ናብ ሓደ ጡርኑፉን ስሩዕን ኣገባብ ብምኸታል፣ ትካላዊ ኣሳራርሓ ከተኣታቱ ምእንቲ ኩለን ኣብ ሲዊዘርላንድ ንፍትሓዊ ቃልሲ ዝዋሳኣ ውድባት፣ምንቅስቓሳት፣ህዝባውያንን ሲቪካዊ ማሕበራት፣ውልቀ ሰባት ከይተረፉ ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ ርክባት ብሳይበር ይኹን ሱሩዕ ሰሚናራት ብምክፋል፣ ዝምድናታትና ክጥንክርን ሓባራዊ ስርሓትና ቀጻልነቱ ክራጋገጽ፡ ከየቋረጽና ርክባት ብምግባር ጻዕርነታትና ከነሕይልን ከነማዕብሎን ቃል ምእታውን መብጽዓታትና ግብራዊ ክንገብሮ ዝብል ምርድዳእ ተበጺሑ ከም ዝነበረ ይዝከር፡፡

እዚ ሎሚ እነካይዶ ዘሎና ሓደ ካብቲ ዝተሳማማዕናሉ መደበ ስርሓት ምዃኑ ቀጻሊ ከምዚ ዝኣመሰሉ ኣኼባታት እና ኣዳለውና ክንቃራረብን ስርሓትና ከነማሓይሽን **ንፈላሚን መስራቲ ጉባኤ** ክንቃራረብን ክንበጽሕን ሓጋዚ መስርሕ ኢልና ንሓስብ ። ኣነ ኣብዚ ዘረባይ ይዛዝም፣ ንዝመጹ ብቕደም ተኸተል መብርሂ ዝህቡ፡ ገደብ ሰዓት ነፍሲ ወከፍ ካብ 20 ስጋብ 30 ደቒቕ ከም ዘለዎ ከታሓስብ ኣፍቂዱለይ፤ መድርኽ ክኣ ን-ጠበቓ ሃብትኣብ የማነ ይገድፈሉ ክብል መደርኡ ደምዲሙ ፡፡

በዓል ሞያ ጠበቓን ጋዜጠኛን ሃብትኣብ የማነ፡ ብወገኑ ንተጋባእቲ ሰላምታ ብ-ምሃብ፣ካብ ቀረባን ሩሑቕን ንዕድሜና ኣኽቢርኩም ኣብዚ ሃገራዊ ዕማም ንምክያድ ምርካብኩም ምስጋና የቕርብ፡፡ ከምዚ ሓው በረኸትን ሓብቲ ዘውዲ ዝገለጽዎ፣ ታሪኽ ምጥርናፍና ከም-ዘለዎ ኮይኑ ብፍላይ እዚ ዘይሓፍር ገባቲ ስርዓት ኢሳያስ ጉጅሉኡን ምስ ሰዓብቱ ገንዘብ ምድላብን፣ ነቲ ብዘይሕለል ሰላሕታዊን ምስጢራዉን ቃልሲ ዘካይድ ዘሎ ህዝብና፣ ንምድንጋሩ ክጠቕሞ ፕሮፓጋንዳዊ ፈስቲቫላት ኣብ ዲያስፖራ ከም ኣብ ስዊድን ኖርወይ ሆላንድ ጀርመን ፈሺሉን ተበርዒኑን ምስ ተረፈ፡ ኣብ ሲዊዘርላን ናይ መጠረሽታ ፈተንኡ ክዳለውን ባይታ ከጣጥሕን ሃተ-ሃታ ክብል ምስ ጀመረ፣ ብወገና ተጠርኒፍናን ሳላ ዋዕሮታት የሕዋትና ጻዕርን ተወፋይነትን ምትሕግጋዝ ሲዊዛውያን ደቂ ሃገር፡ ብሕጋዊ መገዲ ኣብ ሲዊዝ ፈጺሙ ክግበር ከምዘይክእል በቒዕና፡ ፉሹል ህግደፍ እንደገና ተሳዒሩ ጥራይ ዘይኮነስ ዝዋሳኣሉ ዝነበረ ባይታ ዲፕሎማሲ'ውን ተመንጢሉ ዝነበሮ ቤት ጽሕፈታት ኣብ ሑቡእ ኮይኑ ክሰርሕ ኣብ ቤት መግብታት ባራት ኮታ ናይ ብሕቲ ድኳናት ስርሓቱ ክገብር ኣብ (clandestinty) ሱቱር ተሰኺሉ ይርከብን፣ ከምቲ ባህርያቱን ናብ ጫካ ስርሓቱ ንምክያድ ይፍትን እኳ እንተሃለወ ፤ ብዝኾነ ኣብ ዝኮነ ቦይታ ይሃሉ ደድሕሪኡ ክንከይድን ስትንፋስ ከም-ዘይብሉ ክንገብሮ ጻዕርና ቀጻሊ እዩ፡፡

<u>**ሽግር ኤርትርውያን**</u> ንምፍታሕ ን'ኹሉ ብሕጊ ከማላእ ዘለዎ ስርሓት ንምትርጓም ሓንቲ <u>**ሽማግለ ክፍሊ ሕጊ (Department of low) ምክክልኻልን ቁልጡፍ ረዲኤትን**</u> ኣብ ምቛም ንርከብ ኣሎና።

<u>**ሽማግለ ምሕዝነት( Committee of Solidarity )**</u> ምስ ዜጋታት ሲዊዘርላንድ ኮንካ እትቀዉም ኮሚተ/ሽማግለ ርክባት ተገይሩ ን ምቛማ ዝኣክል ኣብ ዘተን መደባት ምስራዕ ንርከብ ኣሎና።

<u>**ምድያ ጉጅለ**</u> እዛ ሓይሊ ዕማም' ምስ ዜጋታት ሲዊዘርላንድ ማዕከናት ዜናን ሓበረታን ዘገልግሉ ብምርኻብ ክትሓባበሩናን ጉዳያትና መቓልሕ ክረክብ ኣብ ርክብን ዘተን ምውህሃድ ስራሕን ንርከብ ኣሎና ።

**ሽማግለ መርመራ**(Commision of enquiry) እዛ ሽማግለ ብደቂ ሃገር ሲዊዝ እትቐዉም ብዝካኣል መጠን ብኣላት ባይቶን ሰልፍታትን ሲቪካውያን ማሕበራት ዝዋስኡ ክኾኑ እዩ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፤ ኣገዳስነቱ ነቲ በዚ ገባቲ ስርዓት ኢሳያስን ሰዓብቱን ዝካየድ ካብ ሕጊ ወጻኢ ኣጽኒዓ ናብ'ቲ ዘርእዮ መንግስታዊ ኣካል እተማሓላልፍን ዘድሊ ስጉምቲ ንኽውሰድ እተዳሉ ኣገዳሲት ሽማግለ ኢልና ንሓስብን ንምትርጓሙ ንጽዕር ዘሎና።

ብሕጽር ዝበለ ኣብ ኲሉ ናይ **ዲፕሎማሲ ስርሓት** ክንዕወትን **ደምበ ፍትሒ** መተካእታ ናይ ሕጊ-ኣልቦ ስርዓት ኣስመራ ምኺኑ ምርግጋጽ ሓደ ካብቲ ጻዕርና እዩ። ከምዚ እትርእይዎ ሕጋዉን ኣብየታዊን መስርሓት ንምክያድ እንገብሮ ጻዕሪ ኮይኑ፣ናይ እንነብረሉ ሃገር ዲሞክራዊ መስርሕን ልዕልና-ሕጊ እናተኸተልና ስርሓትና ኣብ ምክያድ ንርከብ ክብል ምኽትኡ ደምዲሙ ፡፡

ወይዘሮ ምሕረት ቨን-ፈልክተን ኣብ መድረኽ ብምድያብ **ውህደት** ( INTEGRATION ) ዝብል ኣርእስቲ ብምልዓል ብሕጽር ዝበለ ብኸምዚ ዓይነት ኣቕሪባቶ ። **ውህደት** ምስ ሕብረተሰብ ሲዊዝርላንድ ክህልወካ ብቐዳምነት ኣብቲ እትነብረሉ ካንቶን ናቱ ቛንቛ ክትምሃርን ቋንቋ ኣጽኒዕካ ናይ ስራሕ ስነ-ጥበብ ተልማድነት apprentice ክትገብርን በቲ ዝቐመስካዮ ስነ-ፍልጠት ስራሕ ክትረክብን ሂወትካ ክትመርሕ እዩ ዝግባእ ። እዚ ግን እዞም ካብ ጋሃነብ ገባቲ ስርዓት፣ ዘይውዳእ ባርነት ሃገራዊ ኣገልጉሎት ኣምሊጦም ዝመጹ መንእሰያት ዘሕደረሎም ናይ ስነ-ኣእምሮ ማህሰይቲን ጸቕጢን መሰረት ክኸዉን ይኽእል ፡ ኣብዚ ውሑስ ሃገር ምስ በጽሑ ከምቲ ዝድለን ዝግብኦን ናይ ትምህርቲ ምስዓብ ስለ ዘይማላእ ነተን ናይ ሶቓል ሰራሕተኛታት ጸገም ኮይኖመን እንታይ ክንገብር ብምባል ኲሉ ግዜ እየን ዝጽውዓና፤ ካብዚ ዝነቐለ እቶም ሃገር ክሃንጹን ሰውነቶም ኣስታኻኺሎም ናይ ትምህርቲ ዕድል ክጥቀሙ ዝነበሮም ዝሮ-ምሮ ኮይኖም ክትሪኦም ኮሎኻ፣ ኣብ ርእሲ ጓሂን ሓዘንን ህያብ ናይ'ዚ ኣረመን ደስቡጣ ስርዓት ምኺኖምን ናተይ ኢሉ ከምዚ ኮይኖም ክተርፉ ዝገበሮም ምኺኑ ክትግንዘብ ትኽእል ብምባል ጸገምን ኩነትን መንእሰያትና ኣስፊሓ ገሊጻ ፡፡

ቀጺላ ክንፈልጦም ዘሎና ዓንቀጻት ካብ ሕጊ ሃገር ስዊዘርላንድ፣ ክጥሓሱ ዘይብሎም ሕግታት ብምጥቃስ ኲሎም እዞም ሕግታት በቶም ሰዓብቲ ጉጅለ ህግደፍ ስለ ዝትግበሩን ዝጣሓሱን፡ እታ እትወጽእ **ሽማግለ መርመራ** (commision enquiry) ብምሕባር እቲ ፍቓድ መቐመጢ ወረቐት ይኹን ረኺቦሞ ዘለዉ ዜግነት ክሕደጉ ከም ዝኽእሉ ናብቲ ዘገልግልዎ ገባቲ ስርዓት ክኸዱ/ክጥረዙ ከም ዝኽእሉ ብንጹር ኣብሪሃ።

እዚ **ማሕበር ሓድነት ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራ ሃገር ሲዊዘርላንድ** ብሕጊ ቆይሙ'ን ተፈላጥነት ረኺቡ፣ ኣቦ ወንበር ዋና ጸሓፍን ተሓዝ ገንዘብን ዘለውዎ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ተሓተቲ ምኺኖም ፍሉጥ ኮይኑ ኣብ ስራሕ ነቒሎም ይርከቡ። ሕጂ ዘድሊ <u>**ባጀት እዩ፤**</u> ኢደይ ኢድካ ኢልና ዘድሊ ባጀት ክህልወና በጋባብን ትካላዊ ኣሳራርሓ ከነታኣታቱ ይግባእ፡ ብዘይ ባጀት ክማላእ ዝኽእል ስራሕ ስለ ዘየሎ ሓደራ ክትብል መደረኣ ደምዲማ።

ራብዓይ ኣርእስቲ፡ **ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሲዊዘርላንድ ካበይ ናበይ** ዝብል ብ-ኣቶ ጎይትኦም ክፍለ ቀሪቡ። ከም ጉቡእ ዋላ'ኳ ክስነድን ከም ጉዕዞ ታሪኽ ክጽናዕን ዘለዎን ምኺኑ ፉሉጥ ኮይኑ፣ ንመጻኢ ትውልዲ ዝሕደግ ስራሕ ምኺኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡ ይኹን'ምበር ብሕጽር ዝበለ ንምግላጹ ዝኣክል፣ ነዊሕ ታሪኽን ብዙሕ ብድሆታት ዝሰገረ ምስ ታሪኽ ህዝብናን ፍትሓዊ ቃልሱን ዝተኣሳሰርን ምኺኑ ብብሩህ ኣጋባብ ኣቕሪብዎ፡፡

# ምንቅስቓስ ንፍትሒ ኤርትራ ኣብ ዲያስፖር

ኣብ ሲዊዘርላንድ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ከተካይድ ቀሊል ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኣብቲ እዋን'ቲ ናይ ዑቕበኛ ወረቐት ክትረክብ ብሓቂ ኣጸጋሚ እዩ ነይሩ። ብ-ጻዕዳ ወረቐት ማለት ከም ዑቕበኛ ዘየፍልጥ ተሓቢእና ኢና ንነብር ኔርና። ካብዚ ዝነቐለ መንበሪ ወረቐት ከም ዑቕበኛ ንምርካብ ምስ መሰል ደቅሰባት ዝጣበቑን ሲዊዛውያንን ኤርትራዊ ሲቭካዊ ማሕበር ብምትሕብባር ዘይሕለል ጻዕሪ ብምክያድ ን-30 ደቒቕ ምስ ሉኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ሲዊዝ ክንራኸብ ግዜ ክዋሃበና ሓቲትና ተፈቒዱልናስ፡ ስጋብ ክልተ ሳዓትን ፈረቓን ዝኣክል ዘተን ቡቑዕ መረዳእታ ኣብ ዓለምለኻዊ ሕጊ መስል ዑቑባ ንምርካብ ዘተ ብምክያድ ኣወንታዊ መልሲ ክንረክብ ኪኢልና። ብድሕሪኡ ንኹሉ ኤርትራዊ መሰል ዑቕባ ክረክብ ዝሓሸን ዝቐለለን ክኸዉን ኪኢሉ፡፡

ብድሕሪ ወረቐት መንበሪ ምርካብ ብቓልዕ ተወዲብና ክነጥፍን ከም ኩሉ ኣብ ኤውሮጳን ዓለምለኸን ዝነበራ ህዝባውያን ውድባትን ሰልፍታትን ምንቅስቓሳት ሲቪካዊ ማሕበራት በቢ ዓይነቱ ብድሆታት እና ሰገርና፡ ላዕልን ታሕትን ከም ባህርያታት ደምበ ፍትሒ ኣብዚ'ውን ይካየድ ነይሩን ኣሎን። በቢ-እዋኑ ሓቢርካ ንኽትሰርሕ ኣብ ሓደ ጽላል ኮይንካ “ ብዙሕነት ኣብ ሓድነት ” ንምስራሕ ተፈቲኑ ውጺኢቱ ኣወንታዊ ክኸዉን ኣይካኣለን። እዚ ሕጂ ጀሚርክምዎ ዘለኹም ኣብቲ በቢዓይነቱ ጸገማትን ዕንቅፋታትን ብዘይምንባርኩም ኣታሓሕዛኹም ኣካይዳኹምን ሕጊ ዝለበሰ፣ ምስ ዜጋታት ደቒ ሲዘርላንድ ብምትሕግጋዝን ሓቢርካ ሓይሊ ዕማማት ምውጻእ፣ ንስራሕኩም ኣሳልጦን ክውንነቱን ዘራጋግጽ ምዃኑ ዘየጣርጥር እዩ። ስለምንታይስ ንሕጊ ኣልቦ ስርዓት ኢሳያስ ጉጅሉን ብሕጊን ዲሞክራስያዊ ኣብዮታ ትገጥምዎ ስለ ዘለኹም፡ ነቶም ደድሕሪ ገባቲ ስርዓት ዝኸዱን ኣገልገልቱን ብሕጊ ከተራኽብሎም ከለኹም ነዕኦም ዓቢ ትምህርቲ ክኾኖም እናተመነኹ፡ ህዝቢ ክኣ ፍትሒ ክትነግስ ምርኣዩ ሑጉስ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ኣብ እትገብርዎ ቃልሲ ብዘይ ጥርጥር ምሳኹም ከም ዘሎ ከራጋግጸልኩም እፈቱ ክብል መደርኡ ዛዚሙ፡፡

ኣብዚ ውጺኢት ዝዓሰሎ ህዝባዊ ሰሚናር ገዲም ተቓላሳይ ኣቶ ወልደእየሱስ ዓማር ንተጋባእቲ ሰላምታ ን-ኣዳለውቲ ሰሚናር ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፣ ሰውራዊ ምኽሪ ብምሃብ፣ ጽኑዕነት ኣብ ቃልሲ፣ ርእሰ ተኣማምነትን ምክብባርን ምውህሃድን ሙርኩስ ዓወት ምዃኑን፡ ምጽውዋር ጽን ኢልካ ምስማዕን ትሕትና ዝመልአ ንረብሓ ቃልሲ ዝኸዉን መልሲ ምሃብ ክኣ መርሃ ጎደና ቃልሲን ዋና ባህርያትና ክኸዉን ኣለዎ ። ኣብነት ነተን ካልኦት ሃገራት ክትኾኑ ምእንቲ ነዚ ተታሓሒዝክምዎ ዘለኹም ሕጋዊ ኣጋባብ ኣሳራርሓ፣ መሓዙት ደቂ ስዊዝ ኣጥሪኹም ብዉዱብ ኣጋባብ ምስራሕን ምስ ሰልፍታት ሲቪካውያን ማሕበራት፣ ናይ ሚድያ ማዕከናት ሲዊዝ ተሓባቢርካ እትሰርሓሉ ባይታ ምጥጣሕ ብሓቂ ሓጋዚ ጥራይ ዘይኮነስ ተሰማዕነት ንኽትረኽቡ'ውን ኣድላይን እሱ እዩ እቲ መሰረት መስርሕ ስለዚ በርትዑ፤ ኣጆኹም ኣብ ዘድሊ እቲ ክንገብሮ እንኽእል ክንገብር ኣብ ጎንኹም ኣሎና። ክብል ኣቦታዊ ምኽሪን ምዕዶን ለጊሱ፡፡

ብድሕርዚ ናይ ምዝንጋዕን ተቓራሪብካ ምልላይን ምዝታይን ሙቁር ሃገራዊ ሙዚቃ እና ሰማዕካ ብዋሓላሉ ዋዕሮታት ዝተዳለወ መግቢ እናኣስተማቐርካ ጉጅምጅም ምባልን ሲዒቡ ምጽዋትን ዝተኸተለ ኣጋባብ፡ ስጋብ ሰዓት 23.00 ናይ ምሸት ብምጽናሕ፡ ብሓቂ ሙዑሩግ ሰሚናርን ሲኒትካ ዘሕይል ኣጋባብ ዝተኸተለ ምንባሩ ምግላጽን ምሕባሩ ኣገዳሲ ንረኽቦ ፡፡

ሓቢሩ ዝቃለስ ይዕወት

ኣዳለውቲ ጹሑፍ፡ ድ/ር ኢንጂነር ፍትዊ ክፍል ምስ ኣቶ ብንያም ተወልደ ካብ ሲዊዘርላንድ

ኣባላት ምንቅስቓስ ንፍትሒ ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራ( ም.ንፍ.ኤ.ዲ. )

**<u>ምልክታ፦</u>** ቅድሚ ኣብቲ ሰሚማር ዝካየደሉ ክፍሊ ምእታው ነዊሕ ኮርደዮ ( CORRIDOR ) ስለ ዝነበረ፣ ስእልን ሓጺር ድሕረባይታ ዝተሰነየ ብኸሊቲኡ ወገናት መናድቕ ናይ ፖለቲካን፣ ሰብ ሕልና፣ ናጻ ምድያ ጋዜጠኛታት፣ መራሕቲን ተራን እመነታት፣ በዚ ገባቲ ስርዓት ተሓይሮም ኣበይን ከመይን ከም ዘለዉ ዘይፍለጥ፡ ብ-ቅድመ ተኸተል ኣብ መንደቕ ተሰቒሎ ንመርኣያ ወይ ሓበሬታ ዝህብ፡ ክም ትንባህ ክኣ እንቋዕ ነታ ብ-ኣቦታትና ስዋኣትናን ዘምጽእዋ ሃገር ንምድሓን ምዕቃብን፡ ናትና በዚ ደስቡጣ (totalitarian ) ምሕያር ዘስዓብ ቁኑዕ ፍትሓዊ ዲሞክራስያዊ ልዕልና-ሕጊ ጠለብ ንምቕጻሉን፡ ነዚ ማፍያ ገባቲ ስርዓት ካብ ስሩ ተማሕዩ ኣብ ቦቱኡ ስልጣን ናይ ህዝቢ ብህዝቢ ዝብል ፍትሓዊ ህዝባዊ ቃልሲ ከተማሉኡ **<u>ብድሓን መጻእኩም</u>** ዝብል ኮይኑ ዝስማዓካ፣ ሓቢርካ ክትቃለስ **ሕልናዊ ድሪኺት** ዘሰክመካ'ውን ኮይኑ ይርኣየካ ። ብሕጽር ዝበለ ኣብ ክንዲ ናይ ባንደራታት ምሽላም ሕድሪ ዝሃቡኻ ሓውልቲ ፍትሓዊ ቃልሲ ክትሪኢን፣ ን-ጉባኤኻ ዘማዕርጉ ክትዕዘብ ከለኻ ምስ ሕልናኻ ምምጓትን ቃልስኻ ምትዕርራይን መንፈስ ዘሕድር ምንባሩ ክንግንዘብ ኪኢልናን ተደኒቕናን። ቀጻልን ሽቱኡ ክወቕዕ ክኣ ምንዮትና ወሰን የብሉን።